Tigrinya




# ነፍሰጾር ምኳን

## ብዛዕባ ሕቶታትኪን ሻቕሎታትኪን ምስ ነርስ ቆልዑት ምዝርራብ

ናይ ሓበሬታ ማህደር

Nederlands
Centrum
Jeugdgezondheid

ነፍሰጾር ኢኺ። ወይ ድማ መጻምድትኻ ነፍሰጾር እያ። ኣብዚ እዋን እዚ ብዙሕ ነገራት እዩ ዘጋጥም። ንበዓልቲ-ሞያ ሕርሲ ብዛዕባ ጥንስን ሕርስን ዝምልከቱ ብዙሓት ሕቶታት ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ።

ሓደ ሓደ ጊዜ ካልእ ሕቶታት እውን ክህልወኪ ይኽእል እዩ። ንኣብነት ብዛዕባ ጥዕናኺ፣ ህይወትኪ፣ ወይ ምምጻእ ናይቲ እቲ ሕጻን። ስለዚ ኣብ እዋን ጥንስኺ ሓደ ምሳኺ ብሓሳብ ዝሕግዘኪ ሰብ ምህላው ጽቡቕ ክኸውን ይኽእል እዩ። ትደልዪ እንተድኣ ኮይንኪ፣ ኣብ ማእከል ጥዕና ሕጻናት እትርከብ ነርስ ቆልዑት ኣብ እዋን ጥንስኺ ምሳኺ ክትዘራረብ ትኽእል እያ። ኣብዚ ዝርርብ ኩሉ ሕቶታትኪ ክትሓቲን፣ ብዛዕባ ሻቕሎታትኪ ክትመያየጢን ትኽእሊ ኢኺ። እታ ነርስ ቆልዑት ንዓኺ ክትሰምዓኪን፣ ምሳኺ ብምሕሳብ ክትሕግዘኪን እያ ኣብኡ ዘላ።

ማእከል ጥዕና ሕጻናት (consultatiebureau) ኣካል ክንክን ጥዕና ቆልዑትን መንእሰያትን እዩ። ክንክን ጥዕና ቆልዑትን መንእሰያትን፣ ንዕብየትን ምዕባለን ውላድኪ ምሳኺ ብሓባር ክሳብ መበል 18 ዓመት ዕድመ ክከታተል እዩ። ብዛዕባ ኣተዓባብያ፣ ዕብየትን ጥዕናን ዘለዉኺ ኩሎም ሕቶታትት ሒዝኪ ክትውከስዮም ድማ ትኽእሊ ኢኺ።

ኣብ እዋን ጥንሲ ምስ ነርስ ቆልዑት ቆጸራ ክትገብሪ ትመርጺ ዲኺ□
ስለዚ እቲ ብበዓልቲ-ሞያ ሕርሲን ክንክን ወሊድን ዝወሃብ ክንክን ብርግጽ ከም ንቡር ክቕጽል እዩ።

## እቲ ዝርርብ

እታ ነርስ ቆልዑት ናብ ገዛኺ ክትመጽእ ትኽእል እያ፣ ግን ድማ ኣብ ዝኾነ ካልእ ቦታ ክትራኸባ እውን ትኽእላ ኢኽን። እቲ ዝርርብ ብነጻን ብወለንታን ዝግበር እዩ፣ ኩሉ እትዘራረብዮ ድማ ምስጢራዊ እዩ። ዝኾነ እትኣምንዮ ሰብ ናብቲ ቆጸራ ምሳኺ ንኽመጽእ ክትሓቲ እውን ትኽእሊ ኢኺ።

## መቖጸልታ

ሓደ ሓደ ግዜ ምስ ነርስ ቆልዑት ዝርርብ ምግባር ጽቡቕ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ድማ እንደገና ዝርርብ ምግባር ጽቡቕ እዩ፣ ወይ ምናልባት ካልእ ሓገዝ የድልየኪ ይኸውን። እታ ነርስ ቆልዑት ንሳ ባዕላ ወይ ካልእ ኣካል (ንኣብነት ምምሕዳር ከተማ) ንዓኺ ን/ወይ ንስድራ-ቤትኺ እንታይ ክገብሩልኪ ከም ዝኽእሉ ኣብ ምሕሳብ ክትሕግዘኪ እያ። እታ ነርስ ቆልዑት ካልእ ሓገዝ ንምርካብ ኣብ ምምዝጋብ ክትሕግዘኪ እውን ትኽእል እያ። ምስታ ነርስ ቆልዑት ዝግበሩ ኩሎም ዝርርባት ብዘይ ክፍሊት ብነጻ እዩ።

## ምዝገባ

እንተድኣ ዝርርብ ክትገብሪ ትደልዪ ኮይንኪ፣ ኣብዚ ታሕቲ ዝርከብ መርበብ-ሓበሬታ ተመልከቲ። ኣብቲ መርበብ-ሓበሬታ ክትምዝገቢ ትኽእሊ ኢኺ። እንተድኣ ምስ ናትኪ በዓልቲ-ሞያ ሕርሲ ወይ ምስ ዝኾነ ካልእ ሰብ ብሓባር ብምኳን ክትምዝገቢ ትደልዪ ኮይንኪ ድማ፣ ንኽሕግዙኺ ሕተቲ። ብድሕሪኡ እታ በዓልቲ-ሞያ ሕርሲ፣ ቆጸራ ንምግባር ክትድውለልኪ ወይ መልእኽቲ ኢ-መይል ክትልእከልኪ እያ።

## ብዛዕባ እቲ ዝርርብ ሕቶታት ኣለኪ ድዩ?

ብዛዕባ እቲ ዝርርብ ሕቶታት ምስ ዝህልወኪ፣ ክትድውሊ ወይ ናብዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዝርከብ ኣድራሻ ኢ-መይል ክትልእኪ ትኽእሊ ኢኺ። ብዛዕባ ክንክን ጥዕና ቆልዑትን መንእሰያትን ተወሳኺ ሓበሬታ ትደልዪ ዲኺ? ስለዚ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ናይቲ ተቐዋም ተመልከቲ።

## መወከሲ ሓበሬታታት

**ተቐዋም ክንክን ጥዕና ቆልዑትን መንእሰያትን** [JGZ]:

**መርበብ-ሓበሬታ:**

## ዝርከበሉ ኣገባብ

**ኢ-መይል:**

**ተሌፎን:**